**ኣብ ድሮ ናይ'ቲ ኣብ ላ ቫሌታ (ድሴት ማልጣ) ዝተኻየደ ኣኼባ መራሕቲ ኤውሮጳ**

**ብኣህጉራውያን ውድባት ዩ ኤን ኤች ሲ ኣርን ኣህጉራዊ ውድብ ስደትን ዝቐረበ ሓባራዊ ጻውዒት**

ካብ እንግሊዘኛ ዝተተርጎመ፡

ኩነታት ስደተኛታት ኣብ ሊቢያ ይኹን ኣብ ባሕሪ ሜዲትራኒያን እናኸፍአ ይመጽእ ከም ዘሎ ከነዘኻኽረኩም ንደሊ። ህይወት መሳኪን ንከንቱ ይጥፍኣ ኣሎ። ስለዚ ልዕሊ ኩሉ ህይወት ምድሓን ስለዝኾነ፡ መራሕቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኩነታት ብልክዕ ገምጊምኩም ኣብ ምድሓን ህይወት ክትጓየዩ ብጥብቂ ንላቦ። ንዓና ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝረአየና ጉዳይ እንተሃለወ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ባሕሪ ንዘጋጥም ዘሎ ሓደጋ ንምግታእ ክቃለስ ከም ዘለዎ'ዩ።

ብእምነትና ተርእዮ ስደት ክዕገት ዝከኣል ኣይኮነን። ክስራዕ፡ ክብረት ሰብኣዊ መሰላት ከይዘንገዐ ሕጋዊ ኣገባብ ክሕዝ ግን ይከኣል'ዩ በሃልቲ ኢና። ኣብ'ዛ ንገዛእ ርእሳ ብክልተ እግራ ደው ክትብል ዘይከኣለት ሊቢያ፡ ኣብ'ታ ሃገር ናይ ዘለው ስደተኛታት ህይወት ኣዝዩ ዘሰካሕክሕ ምዃኑ'ዩ። መዳኅኒ ምስራሕ ድማ ነቲ ጸገም ዝፈትሖ ኣይኮነን። ንሕና ኣብ ምስራሕ መዳኅኒታት ዘይኮነ፡ ጽፈትን ብቕዓት ዘለዎ መቐበሊ ስደተኛታት ክህሉ ኢና ንኣምን። ሰብኣዊ ክብረት ስደተኛታት ዝሕለወሉ ኩነታት ክፍጠር እንከሎ'ዩ እቲ መንገዲ ፍታሕ በሃልቲ ኢና። ንሱ'ዩ እምነትና። ካብ ዋዕላ ላ ቫሌታ ትጽቢትና ድማ ንሱ'ዩ።

ትጽቢትና ካብ ዋዕላ ላ ቫሌታ ተርእዮ ስደት ሕጋዊ ኣገባብ ክሕዝ ዘኽእል ባይታ ምፍጣር'ዩ። እዚ ኣብ ሊቢያ ዝገበር ዘሎ ንስደተኛታት ምፍርራሕ፡ ምድጓን፡ ምሻጥ፡ ምስቓይ ግን ዘጋድዶ ደኣምበር መፍትሒ ዝኸውን ኣይኮነን። እቲ ዝሓሸ መንገዲ ኣብ ሊቢያ ኣብ ዘለው ስደተኛታትን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባን መስርሕ ምጽራይ ተኻይዱ፡ መን ስደተኛ መን'ከ ሓታቲ ፖለቲካዊ ዕቑባ ብጽፈት ተለልዩ፡ ሰብኣዊ መሰሎም ብዝኽበረሉ ኣገባብ ክተኣናገዱ ኣለዎም ኢልና ኢና ንኣምን። ብኣልማማ ናብ ዝመጻእኣዮ ተመለስ ምባል ግን ፈጺሙ ቅቡል ኣይኮነን። ፍታሕ'ውን ኣየምጽእ።

ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ላ ቫሌታ ዝገብሮ ኣኼባ፡ ንመሰል ዳግመ ጥየሳ ልዑል ኣቓልቦ ክገብረሉ ይግባእ ንብል። ምምላስ ስደተኛታት ኣገዲድካ ዘይኮነስ ኣብ ሰናይ ፍቓድ ውልቀ ስደተኛት ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ ኢልና'ውን ንኣምን። ኣብ'ዚ እዋን ኩነታት ጸጥታ ሊቢያ ኣዝዩ ሕማቕ ኣሎ። ስደተኛታት ከኣ ግዳያት'ዮም። ሕብረት ክድንገዮም የብሉን። ኣብ ምድሓኖም ቀልጢፉ ክበጽሓሎም ኣለው ድማ ንብል። ሕብረት ነዞም መሳኪን ብስሩዕን ብሕጋውን ኣገባብ ናብ ኤውሮጳ ክኣትው ክተሓባበሮም ሓልፍነቱ'ዩ ኢልና'ውን ንኣምን። ኣብ'ዚ እዋን ንርእሳ ዘይኮነት ሊቢያ ንስደተኛታት ትህቦ ረብሓ ክህሉ ኣይክእልን። ኤውሮጳዊ ሕብረት እንተደኣ ትርጉም ዘለዎ ፖሊሲ ሒዙ ቀሪቡና ምስኡ ተሓጋጊዝና ክንሰርሕ ቅሩባት ኢና።

**ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ መራሕቲ ኤውሮጳ ኣብ ላ ቫሌታ (ደሴት ማልጣ) ዝገብርዎ ኣኼባ ዝምልከት ድማ እነሆ**

**መራሕቲ ኤውሮጳ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ናብ ኤውሮጳ ከይኣትው ንምዕጋቶም**

**ኣብ ሊቢያ ሓደ መዳኅኒ መዓስከር ክኸፍቱ ተሰማሚዖም።**

ማርቲን ፕላውት፡ 4 ለካቲት 2017

ትርጉም ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ

መራሕቲ ኤውሮጳ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ላ ላቬታ (ደሴት ማልጣ) ኣብ ዘቃንዕዎ ሓበራዊ ኣኼባ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ባሕሪ ሜዲትራኒያን ሰንጢቖም ኤውሮጳ መታን ከይኣትው፡ ኣብ ሃገረ ሊቢያ ሓደ መዳኅኒ መዓስከር ንኽኸፍቱ ተሰማሚዖም ኣለው። እዚ ውሳኔ ጸታን ዕድመን ዘይፈሊ ንኹሉ ስደተኛን ሓታቲ ፖለቲካዊ ዕቑባን ዝምልከት'ዩ። እዞም መሳኪን ስደተኛታትን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባን ግን ካብ መንጋጋ ጨቆንቲ ስርዓታት ኣፍሪቃ ህይወቶም ከድሕኑ ይሃድሙ ምህላዎም ንመራሕቲ ኤውሮጳ ዝዓጠም ኣይመስልን። እቲ ዝገርም መራሕቲ ኤውሮጳ ንባዕሎም ብዛዕባ'ዚ ክንገብሮ ኣለና ዝብልዎ ዘለው መደብ ንጹር ሓባራዊ ተረድኦ ዘለዎም ኣይመስሉን። ገለ ተዓዘብቲ

ከም ዝብልዎ፡ ነቲ ስደተኛታት ኣብ ሓደ ቦታ ዳጉንካ ናይ ምዕጋት ሜላ ካብ መንግስቲ ኣውስትራሊያ ዝወሰድዎ ወይ ዝቐድሕዎ ደኣምበር ብመንገዶም እኹል መጽናዕቲ ዝገበርሉ ዘይምዃኑ'ዩ።

ኣህጉራውያን ውድባት፡ ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ማለት ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር፣ ውድብ ስደት ማለት ኣይ ኦ ኤም፣ ሓካይም ብዘይዶብን ድማ ነቲ መደብን ውሳኔን ይነቕፉ። እዚ ኣብ መንጎ መራሕቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ላ ላቬታ (ከተማ ደሴት ማልጣ) ተበጺሑ ዝበሃል ዘሎ ስምምዕ ፈጺሙ ግብራዊ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ መራሕቲ ኤውሮጳ ሓደ ኣብ ግምት ዘየእተውዎ ዓቢ ነገር ኣሎ። ዘቤታውን ግዳማውን ኩነታት ሊቢያ። ብዘይካ'ዚ እቶም ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ስደተኛታት ኣብ ዝተፈላለዩ መኻዚኖታት ከም ንብረት ተዓሽጎም ከቢድ ስቓይ የሕልፉ ምህላዎም።

ስለዚ መራሕቲ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኮነ መንግስቲ ጣሊያን ብናይ ላ ቫሌታ ስምምዕ ክንቅየድ ኢና ምባሎም ጌጋ'ዩ። ሕማቕ መዓልቲ ድማ ውዒሎም። ደሓር ከኣ ሕማም መራሕቲ ኤውሮጳ ንኹሉ ሰብኣዊ ክብረትን ኣተሓሕዛን ብምዝንጋዕ፡ ከመይ ኣቢልና ስደተኛታት ናብ ምድሪ ኤውሮጳ ከይኣትው ንቆጻጸር ወይ ንዓግት ዝብል ዕላማ ጥራሕ ዘለዎ'ዩ ዝመስል። ብመሰረት ኣብ ላ ቫሌታ ደሴት ማልጣ ዝተበጽሐ ስምምዕ ህይወት ንጹሃን ባዕሉ ይፈልጥ ክሳብ ምባል ዝተበጽሐ ኮይኑ'ዩ ዝረኣየካ። ሓደ ጥዑይ ሰብ ጥዑይ ስርዓት ክስከሞ ዘለዎ ሓላፍነት ዘንጊዕካ፡ ኣብ ድርኩኹትና ኣይምጽኡና፡ ብርሑቕ የተዓገቱልና ምባል ኣዝዩ ዘገርም፡ ኢሉ'ውን ዘሕፍር ነገር'ዩ።

ካልእ፡ ሕራይ መራሕቲ ኤውሮጳ ዝተጸገሙ ስደተኛታት ክኣትውዎም ኣይደለዩን። ኣይድለዩ ድማ መሰሎም ይኹን። እቶም ኣብ ሊቢያ ኣብ ሽግር ዘለው'ሞ ካልእ ዝገዝፈ መዳኸኒ ክስራሓሎም ዝበሃሉ ዘለው መሳኪን ከምኡ ኢሎም ተዳጉኖም ክነብሩ ኣለዎም ድዩ ዝበሃል ዘሎ? ወይስ ናብ'ቶም ህይወቶም ከድሕኑ ሃዲሞም ዘምለጥሎም ምሕረት ዘይብሎም ጨካናት ስርዓታት ክምለሱ'ዩ ዝድለ ዘሎ? እቲ ኣብ ላ ቫሌታ ዝተበጽዐ ስምምዕ ሰነድ ኣየብርህን። ዘሕዝን'ዩ። ጥራሕ ኣይቕረቡና ምባል ተቐባልነት የብሉን ይብል።

## ትሕዝቶ ኣዋጅ ላ ቫሌታ ( ደሴት ማልጣ)

1. ፕረሲደንት ማልጣ፡ ንዋዕል ላ ቫሌታ ተግባራዊ ክንገብሮ ብዝሃበና ተስፋ ሓጎስ ይስመዐና። ምውቕ ምስጋናና ድማ ነቕርበሉ። ንኣተገባብራኡ ዝምልከት ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣህጉራዊ ሕግን ኤውሮጳዊ ክብርታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን'ዩ። ኣሰራርሓና ካብ ከም በዓል ላዕለዋይ ተጸዋዒ ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ማለት ዩ ኤን ኤች ሲ ኣር፣ ኣህጉራዊ ውድብ ስደት ማለት ኣይ ኦ ኤምን ዝኣመሰሉ ኣህጉራውያን ትካላት ተኸዊልካ ዘይኮነስ፡ ብኣፍልጠኦምን ምስኣቶም ተሓባቢርካን ዝስራሕ ይኸውን።
2. ዕላማና ዋሕዚ ዘይሕጋዊ ስደት ምሉእ ብምሉእ ንምዕጋት ዶባት ኤውሮጳ ብጽኑዕ ምቁጽጻር'ዩ። እዚ ሕጂ ዝተኣታቶ ዘሎ ፖሊስን ስራሕን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2016'ውን ጀሚርናዮስ ብከፊል ተዓዊትናሉ ኢና። ስለዚ ዘይከኣል ከቢድ ነገር ዘይኮነስ ክትግባር ዝከኣል'ዩ። እዚ ግን ባሕሪ ሜዲትራኒያን ጥራሕ ንምቁጽጻር ዘገልግል ኣይኮነን። ምስ ቱርኪ ኮነ ሃገራት ምዕራባዊ ባልካን'ውን ዝተበጽሐ ናይ ሓባር ስምምዕ'ዩ።
3. ንመዘኻኸሪ ዝኣክል ብማእከላይ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ኣብ 2016 ጥራሕ 181 ሽሕ ስደተኛታት ናብ ክፍሊ ዓለም ኤውሮጳ ኣትዮም'ዮም። ኣብ'ዚ ባሕሪ ዘጋጠመ ሞት ስደተኛታት ልዑል ምንባሩ ምዝካር'ውን ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ'ዚ ሓድሽ ዓመት 2017'ውን ድሮ በዚ መስመር ናብ ምድሪ ኤውሮጳ ክኣትው ካብ ዝተበገሱ ስደተኛታት ብዙሓት መይቶም ኣለው። ቅልጡፍ ስጉምቲ ክውሰድ እንተዘይተኻኢሉ ድማ ሞት ስደተኛታትን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባን ብዝተዓጻጸፈ ክውስኽ ምዃኑ ኣየካትዕን። ሊቢያ ከኣ ከም ስደተኛታት ዝሰጋገሩላ ሃገር መጠን ኣብ'ዚ ጉዳይ ኣዝያ ኣገዳሲት'ያ።
4. ናይ ተሰደድትን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባን ናይ ምዕጋት ስራሕ፡ ናይ በይንና ክኸውን ኣይግባእን። ኣይኮነን ከኣ። ምስ መሻርኽትና እናሰላስሎ ዕማም'ዩ ዝኸውን። ፍረ ክህብ ምዃኑ ድማ ኣየጠራጥርን። እቲ ጻዕሪ በቲ ዝተገብረ ስምምዕ መሰረት ምሕያል'ዩ። ብፍላይ ካብ ሊብያ ዘምርሑ ስደተኛታት ኣብ ምቁጽጻር።
5. ብርግጽ ሊቢያ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ዕማም ብኣድማዕነት ክትዋሳእ እንተደኣ ኮይና፡ እዛ ሃገር ቅድም ቀዳድም ንባዕላ ክትረጋጋእ ክትክእል ኣለዋ። ኤውሮጳ ሕብረት ድማ ነቲ ጉዳይ ናተይ ኢሉ ተታሓሒዝዎ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ምምዕባል ሓይሊ ሰብ እታ ሃገር። ስለ ምንታይ ናይ መሬት ባሕርን ኣየርን ግዝኣታ መታን

***ብግቡእ ክትቆጻጸር ክትክእል። በዚ ኣቢላ ከኣ'ያ ዘይሕጋዊ ስደትን ካልእን ኣብ ምግታእ ክትቃለስ ትበቅዕ። ንኣብነት ኣሰጋገርትን ኣብ መሸጣ ደቂ-ሰባት ተዋፊሮም ዘለው ገበነኛታትን ኣብ ምልላይን ምቁጽጻርን ልሉይ ተራ ክህልዋ'ዩ። ሕብረት ኤውሮጳ ምስ ኣብ ግዝኣት ሊቢያ ዝነጥፉ ዘለዋ ኣህጉራውያን ትካላት 'ውን ተሪር ዝምድና ክገብር'ዩ። ስለምንታይ'ሲ ነቲ ግናይ ተርእዮ ስደትን ሳዕቤናት ስደትን ናይ ግድን ሓቢርና ክንቃለሶ ስለ ዘለና።***

6. ***ስለዚ ከኣ ኣብ ሊቢያ ሓለዋ ገምጋም ባሕሪ ማእከሉ ዝገበረ ዓቕሚ ሰብ ክሕይል'ዩ። ኣብ ሊቢያ ሓይሊ ሰብ ምሕያል ክንብል እንከሎና፡ ብመሰረት ስርሒት ሶፍያ ናይ ምስልጣንን ምዕጣቕን መደባትና ቀጻልነት ክህልዎ'ዩ ማለት'ዩ። ኣብ ምቁጽጻርን ምዕጋትን ስደተኛታት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ምዕናውን ምብትታኽን መስመር ገበነኛታት ሕብረት ምስ ዝተፈላለዩ ኣህጉራውያን ትካላት ክተሓባበር'ዩ። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ፡ ዩሮ ፖል፣ ምክትታል ዶባት ኤውሮጳ፣ ሓለዋታት ገማግምን። ኣህጉራዊ ውድብ ስደት ተሰደድቲ ነናብ ዝመጽእሉ ክመልሶም ምትብባዕን ሓገዝን ክግበረሉ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ጉዳይ ሃገራት ዶባተን ባዕለን ክቆጻጸራ ብምግባር፡ ኣሰጋገርትን ነጋዶ ሰብን ሓድሽ መስመራት ከይፈጥሩ ሓያል ቁጽጽር ክግበር'ዩ። ኣብ መንጎ መንግስታት ኢጣልያን ሊቢያን ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ክኸበርን ክሕይልን ሕብረት ካብኡ ዝጥለብ ኩሉ ከማልእ'ዩ። ስለምንታይ ካብ ሕጂ ንደሓር ናብ ኤውሮጳ ገጽካ ምስግጋር ክህሉ ስለዘይብሉ።***
7. ***እዚ መደብን ተልእኾን'ዚ መታን ብምልኣት ዕውት ክኸውን ኣድላዪ ባጀት፡ መሳለጥያን ምኽርን ክዳለወሉ'ዩ። ብመሰረት ኣብ ላ ቫሌታ (ደሴት ማልጣ) ዝተበጽሐ ስምምዕ ንሃገራት ኣፍሪቃ ሓገዝ ክግበር'ዩ። ኣብ'ዚ ዓመት ንኣብነት 31 ቢሊዮን ዩሮ ክምደብ'ዩ። 1.8 ቢሊዮን ካብ ማዕከን ገንዘብ እቲ ሕብረት ዝርከብ ክኸውን'ዩ። ነፍስ ወከፍ ኣባል ሃገር ኤውሮጳዊ ሕብረት ከኣ 152 ሚሊዮን ዩሮ ከተበርክት'ያ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሳምንታት ንኣብነት ሊቢያ 200 ሚሊዮን ዩሮ ተረኪባ ኣላ። ኣብ ዝቕጽሉ ውሑዳት ሳምታት ብተመሳሳሊ ክንድኡ ክወሃብ'ዩ።***
8. ***ተመለስቲ ከም'ቲ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝእዝዞ ብሰላም ነናብ ሃገሮም ክምለሱ ክግበር'ዩ። ናይ ምምላሶም ጉዳይ ትኹረት ረኺቡ ባይታ ከጣጥሓሎም'ዩ። ኣብ'ዚ ሽግር ኣይህሉን።***
9. ***ኣብ ላ ቫሌታ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናብ ተግባር ክሰጋገር'ዩ። መታን ሽቶኡ ብግቡእ ክወቅዕ ክኽእል ከኣ፡ መሻርኽቲ ብምሉእ ዓቕሞም ክሳተፍሉ ትጽቢት ይግበረሎም። ሕብረት ኤውሮጳ እዚ ስምምዕ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣብ ፕረሲደንት ሃገረ ማልጣ ምሉእ እምነት ኣለዎ። ተዋሳእቲ ተሰደድቲ ኣብ ምዕጋት ዝጻወትዎ ግደ ልዑል ክኸውን ምኳኑ ሕብረት ኣይጠራጠርን። ቤት ምኽሪ ኤውሮጳ ብመሰረት ካብ ፕረሲደንት ደሴት ማልጣ ዝቐረበሉ ጸብጻብ ኣብ ዝመጽእ ውርሓት መጋቢትን ሰነን ናይ 2017 ገምጋም ስራሕ ክገብር'ዩ።***

**ቤ/ጽ ዋና ጸሓፊ ቤት ምኽሪ ኤውሮጳ**

**ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡** 15-02-2017